KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**GESUNDHEIT UND SOZIALES**
**(ጨንፈር ጥዕናን ማሕበራውያን ጉዳያትን)**

Kantonaler SozialdienstKantonaler Sozialdienst
Unterabteilung Asyl, Sektion BetreuungUnterabteilung Asyl, Sektion Betreuung

27 ለካቲት 2020

**ሓበሬታን ናይ ኣደብ መምርሒታትን**

**ኮሮናቫይረስ – COVID-19**

---

## 1. ሓበሬታታት ብዛዕባቲ ቫይረስ

እቲ ሓድሽ ብቀዳማይ ግዜ ኣብ ቻይና ዝተመርመረ ኮሮና-ቫይረስ SARS-CoV-2 ይብሃል። ኣባል ስድራ SARS-ቫይረስ ከምኡ ድማ MERS-ቫይረስ እዩ። እቲ ቫይረስ ብመበቈሉ ካብ እንስሳታት እዩ ዝምንጪ ከምኡ ድማ ናብ ሰብ ተመሓላሊፉ ኔሩ። ቀዳሞት ጉዳያት ሕማም ኣብ ታሕሳስ 2019 ኣብ ናይ ቻይና ከተማ ዉሃን (Wuhan) ተቐልቂሎም። ካብ ሽዑ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ስለ ተመሓላሊፉ ብቀጻሊ ይዝርግሕ ኣሎ። ምስቲ SARS-CoV-2 ዝተኣሳሰረ ሕማም COVID-19 (Corona Virus Infection Disease 2019) እዩ ዝብሃል።

### ምስግጋር

ምስግጋር ናይ SARS-CoV-2 ብሕልፊ ብፈሳሲ ትንፋስ እዩ ዝፍጸም፥ ኣብ እንጥሾ ምባል ወይ ምስዓል ቫይረሳት ካብ ሓደ ሰብ ብቐጥታ ናብ ኣፍንጫን ኣፍን ኣዒንትን ዘለውዎም ቀርበት ልፋጭ ናይ ካልእ ሰብ ክበጽሑ ይኽእሉ። ብኸምኡ ካብ ኣካላት ዘውጹ ቫይረሳት ንሰዓታት ኣብ ኣዝዩ ንእሽቶ ንጣባት ኣብ ኣእዳው ወይ ጽፍሕታት (ለዓት ማዕጾ፣ መጠውቒታት፣ ወዘተ) ቀጺሎም ክነብሩ ይኽእሉ፣ ሽዑ ድሕሪ ምትንካፍ ገጽ ናብ ልፋጭ ኣፍንጫን ኣፍን ኣዒንትን ክበጽሑ ይኽእሉ። ብልምዲ ግን ቀረባ ርክብ (ካብ 2 ሜትሮ ራሕቂ ንታሕቲ ብልዕሊ 15 ደቓይቕ) ምስ ለባዒ ሰብ ክግበር ኣለዎ።

### ግዜ ምንቋሕ

ልበዳ ምስቶም SARS-CoV-2-ቫይረሳት ምስተፈጸመ ክሳብ ቀዳሞት ምልክታት ሕማም *(ሲምፕቶምስ)* ዝቕልቀሉ መብዛሕትኡ ግዜ 4 ክሳብ 7 መዓልታት (1-14 ንውሓት ግዜ) ይወስድ። 48 ሰዓታት ድሕሪ መጀምርታ ሲምፕቶም ለባዒ ክትከውን ከምትኽእል ብፍጹም ክውገድ ኣይከእልን።

### ዲምፕቶማት ኣብ ሕማም (COVID-19፥ Corona Virus Infection Disease 19)

ንመጀመርታ፣ ማለት ድሕሪ ግዜ ምንቋሕ፣ ብዙሕ ግዜ ከም ጉንፋዕ ዝመሳሰል ዘይንጹር ድኻምን ረስንን ይቕልቀል'ዩ። ናይ ትንፋስ ሲምፕቶም ብዝበዝሕ ግዜ ይቕጽሉ፣ ንቑጽ ሰዓል ንቡር እዩ። ቃንዛ ርእሲ፣ ቃንዛ ጭዋዳ፣ ዕግርግርን ውጽኣትን ሳሕቲ እዮም። ዝበዝሕ ዝተመልከቱ ሰባት ልስሉስ ኣከያይዳ የርእዩ፣ ዋላ ሲምፕቶም ዘይብሎም ጉዳያት ውን ተራእዮም ኔሮም።

ብርቱዕ ኣከያይዳ ሕማም እንተዘሎ ዳርጋ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ክሳብ ሕጽረት ትንፋስ ከምኡ'ውን ኣዝዩ ሕማቕ እንድሕር ኮይኑ ክሳብ ነድሪ ሳንቡእ *(ኑምንያ)* ምስ ጸገም ትንፋስ ከምኡ ድማ መጥቃዕቲ ቀጸልቲ ናይ ኣካላት ስርዓታት ክበጽሕ ይኽእል። እቲ ብርትዕ ዝበለ ኣከያይዳ ሕማም ንዓበይቲ ሰባት ብፍላይ ይምልከት ከምኡ'ውን ሕዱር ቅድመ ሕማም ዘለዎም ሰባት።

## 2. ኣደብ ከምኡ'ውን ምክልኻልን ካብ ልበዳ

### ስጉምትታት ጽሬት

ኣብ ሕጂ ዘሎ እዋን ነቲ ሓፈሻዊ ህዝቢ ገና ንጹራት ምኽርታት የለውን። ኣብ መዓልታዊ ናብራ ነቶም መሰረታውያን ናይ ጽሬት ስጉምትታት ከተኽብርዎም ኣዝዩ ኣገዳሱ እዩ፣ ዋላ ውን ኣብ መንጎ ግዜ ጉንፋዕን ሰዓልን፥

KANTON AARGAU

- ኢድኩም ኩሉ ግዜ ብማይን ሳሙናን ተሓጸቡ።



- ኣብ መንዲል ወይ ኣብ ምናት ምስዓልን ኢንጥሾ ከግበርን ኣለዎ። መንዲላት ድሕሪ ምጥቃሞም ኣብ ጐሓፍ ኣእትውዎም ከምኡ'ውን ኣዕሪኹም ኣእዳውኩም ተሓጸቡ ብማይን ሳሙናን። ኣብ ምናት ትስዕሉን እንጥሾ ትብሉን፣ መንዲል እንተ ዘየሎ።



- ኣብ ሲምፕቶማት ሕማም (ጸገም ትንፋስ፣ ሰዓል ወይ ረስኒ) ኣብ ክፍልታትኩም ትረፉ ከምኡ ድማ ንኣላይኩም ሓብሩ ኢኹም።



**ማስኬራ ጽሬት**

ኣብ ሕጂ እዋን ጥዑይ ህዝቢ ማስኬራ ክኸደኑ ከምዝግብኡ ሓፈሻዊ ምኽሪ የለን።

ምኽዳን ቀለልቲ ናይ ጽሬት ማስኬራታት ኣብ ግዳም ወይ ኣብ ርከብ ምስ ዝሓመሙ ሰባት ንጥዑያት ካብ ልበዳ ብውሑስ ኣይተኸላኸሉን። ናይ ትንፋስ ንጣባት ኣብ ወገን ዘለው ነኒላት ማስኬራ ጽሬት ክበጽሑ ይኽእሉ፣ እቲ ማስኬራ ብጸቢብ እንተዘይተኸዲኑ። እቶም ማስኬራታት ጽሬት ምስቲ ግዜ በቲ ትንፋስ ርሑሳት ክኾኑ፣ እዚ ነቲ ምክልኻል እንተላይ ክነኪ ይኽእል። እቶም ቫይረሳት ድሕሪ ምትንፋስ በቲ ወረቐት ማስኬራ ናብ ላዕለዋይ ናይ ትንፋስ መንገድታት ክበጽሑ ስለዝኽእሉ ኣዝዮም ንኣሽቱ እዮም። ገሊኦም መርመራታት ግና ምኽዳን ማስኬራ ጽሬት ነቲ ርከሳ ልበዳ ክነኪ ከምዝኽእል የርእዩ፣ ሽዑ በቶም ተላቢዖም ዝኾኑ ኣእዳው ንኣፍን ኣፍንጫን ኣዒንትን ሳሕቲ ስለትትንክፎም።

ኣብ ዝሓመሙ ሰባት ማስኬራ ጽሬት ንቀጻሊ ምዝርጋሕ ቫይረሳት ብንጽር ክነኪ ይኽእል። ኣብ ምስዓል ወይ እንጥሾ ምባል ብዙሓት ንጣባት ትንፋስ ካብቲ ማስኬራ ክሰሓቡ እዮም። ብቕኑዕ እንተተኸዲኑ ጥራይ ክሰርሕ ይኽእል።

ነቲ ሕክምናዊ ክፉል ፍሉያት ማስኬራታት (FFP) ተመዲቦም ኣለው፣ እዚኦም ነቶም ቫይረሳት መሰናኸል እዮም። ንርክብ ምስ ዝሓመሙ ከምኡ'ውን ንዝምልከት ምክንኻንን ምሕክማን ኣድለይቲ እዮም።

**ምህላው ቅሳነት፣ ትእዛዛት ምኽታል**

እቲ ናይ Aargau ኣባል ሽማግለ ነቲ ኩነት ብጥንቃቐ ከምኡ'ውን ብምርግጋጽ ሓበሬታን ኪኢላታት መንግስትን ይመራመር ኣሎ ከምኡ'ውን ነቶም ኣድለይቲ ስጉምትታት ክረኽቦም እዮም። ምዕቃብ ቅሳነት ኣገዳሲ እዩ ከምኡ ድማ ምኽታል መምርሒታትን ምኽርታትን ናይ ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ጥዕና (BAG) ከምኡ ድማ ናይ ክፍለ-ሃገራዊ ኣገልግሎት ሕክምና።